# ኣብ ናይ ኣድልዎ ግዘ እንታይ ንገብር?

## Antidiskriminierungsbüros NRW

ተረጋጊዕኹም ብጥንቃቐ መልሱ!

ዋላ እኳ በቲ ኣድልዎ ተተሰመዐኩምን ተጎዲእኹምን ተኾንኩም፣ እቲ ዋና ጠቓሚ ሕጊ ኣብ እዚ ኩነታት እዚ ተረጋጊዕኻ ብጥንቃቐ ምምላስ እዩ ! ዓው ኢልካ ጥርዓን ምቕራብን ኣቀያሚ ዝኾነ መልሲ ምምላስን ደሓር ፀገም ከስዕብ ይኽእል እዩ። ከይስመዓኩም። ብዙሕ ግዘ፣ እቶም ኣድልዎ ፈፀምቲ ብኣንፃርኩም ክጥቀሙሉ ይኽእሉ እዮም፣ እዚ ድማ ናይ መሰልኩም ምትግባር ከቢድ ክገብሮ ይኽእል እዩ።

ስለዚ፣ ብዝተኸኣለኩም መጠን ተረጋጊዕኹም ምስክራት ምህላዎም ወይ ናይ እቲ ኣድልዎ መረጋገፂ ምህላዉ ረኣዩ። ካልኦት ዓማዊል ወይ ሓለፍቲ መንገዲ ነዚ ኣጋጣሚ እዚ እንተሪኦሞ፣ ብዛዕባ እዚ ድማ ክተዘራርብዎም ኣለኩም ከምኡ ውን ሽሞም ስልኪ ቁፅሮምን ፀሓፉ ደሓር ምእንታይ ክትጠቕስዎ። ሰነዳት መዝገቡ (ንኣብነት፣ ደብዳበታት፣ ኢ-መይል፣ ስክሪን ሾትስ፣ ቲኬታት ወዘተ...) ደሓር ክትጥቀሙሎም ትኽእሉ ኢኹም ኣንፃር እቲ ኣድልዎ።

ሓገዝ ኣዳልዉ ብዛዕባ እቲ ኣድልዎ ንመሓዙትኩምን ቤተሰብኩምን ኣዛርብዎም፣ ንኣብነት፣ እቲ ናይ ናፃ ግልጋሎት ናይ ፀረ ኣድልዎ ቢሮ ኣብ NRW (ብሮሸር ረኣዩ) ወይ ካልኦት ናይ ሓበሬታ ማእኸል። በዚ መንገዲ፣ ሓገዝን ንኻልኦት ተወሰኽቲ ተግባራት ደገፍን ክትረኽቡ ትኽእሉ።

ናይ ሜመሪ ኮግ

ድሕሪ እቲ ኣጋጣሚ፣ ብቐጥታ ናይ ሜመሪ ሎግ ክትፈጥሩ ኣለኩም። እዚ ኣድልዎ በፂሕኩመ ምንባሩ ንምርግጋፅ እዚ ጠቓሚ እዩ። ብፍላይ ድማ፣ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መዝግቡ።

- ኣበይ ን መዓዝን እዚ ኣጋጣሚ ተፈጢሩ? (ንኣብነት፣ ኣብ ናይ እቲ ክፍሊ መደብር፣ ዕለት፣ ግዘ)
- እንታይ ተፈጢሩ? (ንኣብነት፣ ዘይተረጋገፀ ናይ ደላላ ጥርጣረ፣ ናይ ቦርሳ ኣለሻ ኣብ ህዝቢ ብናይ ኣቐያሚ ናይ ደሕንነት ስታፍ)
- መን ኣብቲ ኣጋጣሚ ነይሩ? (ንኣብነት፣ ናይ መሸጣ ስታፍን ናይ ደሕንነት ስታፍ)
- መን እዩ ምስክር ነይሩ? እንታይ መረጋገፂ ኣለኩም?
- ናብ ፖሊስ ደዊልኩም ዶ?
- ንምንታይ እዩ ኣድልዎ ተፈፂምኩም? እዚ ኣድልዎ ዝበፀሐኩም ብናይ ቤተ ሰብኩም ታሪክ፣ ናይ ቆርበት ሕብሪ፣ ሃይማኖት ወይ ቋንቋ ምኽንያት ድዩ?

ብቕልጡፍ መሰልኩም ሕተቱ!

ኣድልዎ በፂሕኩም እንተነይሩን ባዕልኹም ድማ ክትከለኸልዎ እንተደሊኹምን፣ ነቲ ኣድልዎ ፈፃሚ (ቢሮ/ሰብ)
ክትከስዎ ኣለኩምኣብ ውሽጢ 2 ኣዋርሕ. እዚ ጥርዓን ድማ ብፅሑፍ እንተቐረበ ፅቡቕ እዩ።

www.infopaket.nrw

# Infopaket Flucht und Asyl

ሓገዝ ከመይ ይረክብ?

ኣብ North Rhine-Westphalia፣ ኣድልዎ እንተበፂሕኩም ክትከድዎ እትኽእሉዎ ሓሙሽተ ናይ ፀረ ኣድልዎ ቢሮታት ኣለዉ። ካብ እዞም ፍሉያት ዝኾኑ ፀረ ኣድልዎ ቢሮታት ብተወሳኺ፣ ካልኦት ክሕግዙኹም ዝኽእሉ ናይ ምኽሪ ማእኸላት ኣለዉ። ናይ መንግስቲ ፀረ ኣድልዎ ቢሮ ኣድራሻታት ኣብ Berlinን（ካልኦት ቦታታትን）ኣብ፡ http://www.agg-ratgeber.de/adressen-kontakte.php

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ቢሮታት ብእዞም ዝስዕቡ መንገዲታት ክሕግዙኹም ይኽእሉ፡

ምኽሪን ሓገዝን፡
ቅድሚ ኹሉ፣ እቲ ኣማኻሪ እንታይ ከምዝተፈጠረ ከዘራርበኩም እዩ። ንዚ ድማ፣ እቲ ናይ ሜመሪ ሎግ ክሕግዘኩም እዩ። እቲ ቀፃላይ ከይዲ ምሳኹም ምይይጥ ክግበሮ እዩ። ካብ ቤት ፍርዲ ወፃኢ ንዝኾነ መፍትሒ ዕላማ ክትገብሩ ትኽእሉ（ንኣብነት፣ ናይ ጥርዓን ደብዳበ ወይ ግላዊ ምይይጥ）ወይ ሕጋዊ ዝኾነ ተግባር ምውሳድ። ስምዒታዊ ሓገዝ ክትቕበሉ ኢኹም፣ እንተድልዩ፣ ብዛዕባ እቲ ዘጋጠመኩም ኣድልዎ ንምርድዳእ። ኣብ መወዳእታ፣ እዚ ምኽሪ ናብ ኣንፃር ኣድልዎ ንዝውሰድ ሕጋዊ ስጉምቲ ክጠቕመኩም ይኽእል እዩ።

ኣብ ግጭት ግዘ ማእኸላይ ምህላው፡
 እቲ ናይ ሓበሬታ ቢሮ ኣብ መንጎ ንስኹምን እቲ ተፃባኢ ኣካልን ዝግበር ሓደ ሳልሳይ ኣካል ዘለዎ ምይይጥ ከዳልው እዩ። እዚ ብፍላይ ነቲ ኣድልዎ ፈፃሚ ክተርሕቕዎ ተዘይክኢልኩም ፅቡቕ ሓሳብ እዩ（ንኣብነት፣ ኣብ መንበሪ ቡታኹም፣ ኣብ ስራሕ ወይ ኣብ እቲ ናይ ሱፐር ማርኬት ኩርናዕ）.

ህዝባዊ ርክባት፡
በቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ መንገዲታት ክተርሕቕዎም ተዘይክኢልኩም፣ ናብ ሚድያ ብምኻድ ናይ ሓሬታ መእኸል ንርካብ ክትፍትኑ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ብዙሕ ግዘ ኣብ እቲ ኣድልዎ ፈፃሚ ውጥረት ክውስኽ ዝኽእል መንገዲ እዩ።
እዚ ናይ ምኽሪ ግልጋሎት ካብ ክፍሊት ነፃ እዩ።

Quelle: http://www.agg-ratgeber.de/checkliste.php + http://www.agg-ratgeber.de/unterstuetzung-durch-beratungsstellen.php

---

ናይ ፀረ ኣድልዎ ስራሕ ዘፈፅሙ ናይ ግልጋሎት ማእኸል（ፀረ ኣድልዎ ቢሮታት ኣብ NRW）

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| **Pädagogisches Zentrum Aachen e.V.**<br>Gleichbehandlungsbüro<br>Mariahilfstr. 16<br>52062 Aachen<br>Tel: 0241 4017778<br>Fax: 0241 49004<br>E-Mail: gbb@paez-aachen.de<br>www.gleichbehandlungsbuero.de | **Planerladen e.V.**<br>Schützenstraße 42<br>44147 Dortmund<br>Tel. 0231 8820700<br>Fax: 0231 8820701<br>E-Mail: integration@planerladen.de<br>www.integrationsprojekt.net<br>www.planerladen.de | **Anti-Rassismus Informations-Centrum, ARIC-NRW e.V.**<br>Friedenstr. 11,<br>47053 Duisburg<br>Tel: 0203 284873<br>Fax: 0203 9357466<br>E-Mail: info@aric-nrw.de Internet:<br>www.aric-nrw.de | **AntiDiskriminierungsBüro (ADB) Köln**<br>Öffentlichkeit gegen Gewalt e.V. (ÖgG)<br>Berliner Straße 97-99<br>51063 Köln<br>Tel: 0221 96476300<br>Fax: 0221 96496709<br>E-Mail: info@oegg.de<br>www.oegg.de | **Antidiskriminierungsbüro**<br>Südwestfalen<br>Heidenbergstr. 1c<br>57072 Siegen<br>Tel: 0271 3175745<br>E-Mail: guel.ditsch@vaks.info<br>www.vaks.info<br>www.mediathek-siegen.de |

Gemeinsamer Webauftritt: www.nrwgegendiskriminierung.de